homes victoria

ጎደና 50 ሎንስዳለ፣
ሜልበርን ቪክቶርያ 3000
ቴሌፎን፡ 1300 650 172
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

Tigrinya | ትግርኛ

ዝኸበርኩም (መዓርግን ቀዳማይን ካልኣይን)፡

ኣባይቲ ቪክቶርያ ብዛዕባ ገስጋስ ናይቲ ንልዑል ደርብታት ዝካየድ መደብ ዳግመ ምምዕባል ከም ኣካል ናይቲ ዓቢ ህንጸት ኣባይቲ ዝምልከት ሓድሽ ሓበሬታ ይበጽሓኩም ኣሎ።

ህንጻኹም ከም ኣካል ናይቲ መደብ ዳግመ-ምምዕባል ዝተኣወጀ ኮይኑ፡ ካብ መወዳእታ 2023 ጀሚሩ ምግዓዝ ይካየድ ኣሎ።

## ሎሚ እንታይ ተኣዊጁ፧

ሎሚ፣ ኣብ 259 መንገዲ ማልቨርን ፡ ደቡብ ያራን 139 ጎደና ሃይት ፡ ሪችሞንድን ንዝርከቡ ተኻረይቲ፡ ውጥን ምግዓዞም ኣብ ቀረባ እዋን ከም ዝጅምርን ክሳብ ለካቲት 2026 ክዛዘም ምዃኑን ሓቢርናዮም።

## ምግዓዝ ፍሌሚንግተንን ሰሜን መልበርንን ኣብ መስከረም 2025 ክዛዘም እዩ።

መደብ ምግዓዝ ናይዞም ዝስዕቡ ህንጻታት (ኣብዚ ሕጂ ትነብረሉ ዘለኹም) ይካየድ ኣሎ፡ ክሳብ መስከረም 2025 ድማ ክዛዘም እዩ:-

- 120 መንገዲ ሬስኮርስ፡ ፍላሚንግቶን
- 12 ሆላንድ ኮርት፡ ፍላሚንግቶን
- 33 ጎደና ኣልፍረድ፡ ሰሜን ሜልበርን።

ብዙሓት ሰባት ድሮ ናብ ሓደስቲ ገዛውቲ ግዒዞም ኣለዉ ወይ ኣብ መስርሕ ምግዓዝ ይርከቡ።

## እዚ ንዓኹም እንታይ ትርጉም ኣለዎ

**ድሮ ናይ መንበሪ ገዛ መመልከቲ መሊእኹም እንተኾንኩም፡ ካብዚ ንላዕሊ ክትገብርሩ ኣየድልየኩምን'ዩ።** ምስ ናይ ምግዓዝ ጉጅለና ስሩዕ ርክብ ክህልወኩም እዩ። ነዛ ደብዳበ ምስ ኣንበብኩም ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም፡ በጃኹም ምስ ሓላፊ ምግዓዝኩም ተራኸቡ።

**ናይ መንበሪ ገዛ መመልከቲ _እንተዘይመሊእኩም_፡ ምሳና ክትዛረቡ ንላቦ።** እዚ ድማ ንዓኹም ዝምችእ ገዛ ክትግዕዙ ምእንቲ ክንድግፈኩም እዩ። ናይ ምግዓዝ ወረቐትኩም ምምላእ ንዓኻኹም ዘድልየኩም ገዛ ንምርካብ ክሕግዘና እዩ።

ምግዓዝ ዓቢ ለውጢ ምዃኑ ንርዳእ ኢና፣ **ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስጉምቲ ክንድግፈኩም ኢና ኣብዚ ዘለና።** ኣብቲ ናይ ምግዓዝ ቆጸራታትኩም ሓጋዚ ሰብ ሒዝኩም ክትመጹ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ክኸውን ዝኽእል፤

- ዓርኪ ወይ ኣባል ስድራቤት
- ወኪል ካብ ማሕበር ህዝባዊ ተኻረይቲ ቪክቶርያ ወይ ተኻረይቲ ቪክቶርያ
- ሕጋዊ ውክልና ንማሕበረሰባዊ ሕጋዊ ኣገልግሎታት ወይ ቪክቶርያዊ ደቀባት (ኣቦርጅናዊ) ሕጋዊ ኣገልግሎት ዘጠቓልል።

ተርጓሚ እንተደሊኹም ከነቅርብ ኢና።

VICTORIA State Government

## ናይ መንበሪ ገዛ ኣማራጺታትኩም

ሕጂ'ውን ናብቲ ኣብ ጎደና ቪክቶርያ፡ ፍሌሚንግተንን ጎደና ኣቦትስፎርድ፡ ሰሜን መልበርንን ዝርከብ ሓድሽ ኣባይቲ ናይ ምግዓዝ ኣማራጺ ክህልወኩም ይኽእል እዩ። እዞም ገዛውቲ ኣብ ቀረባ ስለዘለዉ፡ ምስ ከባቢኹምን ናይ ደገፍ መርበባትኩምን ርክብ ክትቕጽሉ ትኽእሉ ኢኹም።

እቶም ሓደስቲ ገዛውቲ ከም ውሑስ መእተዊ፡ ባርኮኒታት፡ ናይ ብሕቲ መሕጸቢ ክዳውንቲ፡ መዝሓሊ ኣየርን ድርብ ብርጭቆን ዝኣመሰሉ፡ ዓመት ምሉእ ምቾኣት ንኽኾኑ ዝሕግዙ ፍሉይ ነገራት የዳልዉ። ነዚ ኣማራጺ'ዚ ክትድህስሱ እንተደሊኹም፡ ናይ ምግዓዝ ጉጅለና ነዞም ገዛውቲ ክትሪኢዎም ምድላዋት ክገብረልኩም ይኽእል'ዩ። እዚ ንገዛኹም ጽቡቕ ዝሰማማዕ እንተኾይኑ ክትውስኑ ክሕግዘኩም ይኽእል።

## መከላኸሊ ተኻረይትን ፈሊጥካ ምጽናሕን

ኣብዚ ግዜ እዚ ብዛዕባ ክህልወኩም ዝኽእል ደገፍ ከነዘኻኽረኩም ንደሊ፤

- **ኣቐዲምካ ምውጣን:** ገና እንተዘይኤርኩም፡ መደብኩም ክትውድኡን ናይ መንበሪ ገዛ መመልከቲኹም ክትመልኡን ንላቦ፣ ምእንቲ ናብ ንዓኹም ዝምችእ ገዛ ክትግዕዙ ክንድግፈኩም።
- **ኣብ ቀረባ ምጽናሕ:** ናብቲ ሕጂ ዘለኹም ከባቢ ቀረባ ሓደስቲ ገዛውቲ ንሃንጽ ኣለና፡ ምሳኻትኩም ብምኺን ድማ ድሌታትኩም ዝምጥን ገዛ ክንህበኩም ኢና።
- **ንዓኻ ዝምጥን ደገፍ:** ኣቀማምጣ ሓድሽ ገዛኹም ኣብ ድሌታትኩም ዝተመርኮሰ ክኸውን እዩ። ነቲ መውጽኢ ክንሰርዖን ክንከፍሎን ኢና፣ ዝኾነ ናብ ሓድሽ ገዛኹም ክግዕዙ ዘይትደልይዎም ነገራት ድማ ክንድርብዮም ኢና።
- **ምትእስሳር ምህላው:** ኣብ ውጥን ናይቶም ዳግማይ ዝማዕበሉ ኣባይቲ ሓበሬታን ክንሳተፍን ኢና፡ ብፍላይ ድማ ክትምለሱ እንተሓሲብኩም፡ ኣብ ከባቢኹም ዝመጽእ ለውጢ ብቐጻሊ ሓድሽ ሓበሬታ ክንህበኩም ኢና።
- **ምምላስ:** እቲ ዳግመ ምምዕባል ካብ 6 ክሳብ 8 ዓመት ክወስድ እዩ። ብመሰረት ቀጻሊ ብቕዓትኩምን፣ ድሌታትኩምን ብቑዕነት ኣባይትን፣ እቲ ዳግመ ምምዕባል ምስተዛዘመ ናብቲ ሕጂ ዘለኹም ከባቢ ናይ ምምላስ መሰል ኣሎኩም ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣብ'ቲ ዝገዓዝኩሙሉ ገዛ ክትጸንሑ እንተመሪጽኩም፡ ኣብዘለኹም ክትጸንሑ ትኽእሉ ኢኹም፡

## ርክብ ይሃልኹም

ብዛዕባ መስርሕ ዳግመ ምምዕባልን ምግዓዝን፡ እንተላይ ብቛንቛኹም ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ bighousingbuild.homes.vic.gov.au ክትሪኡ ትኽእሉ ኢኹም። ንስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታን መጠንቀቕታን ብምምዝጋብ ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ጎደና ኣቦትስፎርድ ሰሜን መልበርን ዝህነጹ ዘለዉ ሓደስቲ ህንጻታት፡ ጽቡቕ ዲዛይን ዘለዎም፡ ውሑስ፡ ዘየስግእን ዘመናውን ማሕበራዊ ኣባይቲ ከቕርቡ እዮም። እዚ ሓደ ካብቲ ናብ ካልእ ቦታ ናይ ምግዓዝ ኣማራጺታትኩም ክኸውን ይኽእል እዩ።

ብዙሓት ሰባት ድሮ ናብቲ ሓደስቲ ገዛውቲ ጎደና ቪክቶርያ ዝገዓዙ ኣለዉ። እዚ ሓደ ካብቲ ናብ ካልእ ቦታ ናይ ምግዓዝ ኣማራጺታትኩም ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣባይቲ ቪክቶርያ ብዝተኻእለ መጠን ነቲ ናብ ካልእ ቦታ ናይ ምግዓዝኩም ስሉጥ ንምግባር ቃል ኣትዩ ኣሎ፣ ንሕና ድማ ክንሕግዘኩም ኣብዚ ኣለና። ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ወይ ደገፍ ምስ ዘድልየኩም ምስ ጋንታና ክትራኸቡ ብትሕትና ንሓትት።

ምዉቕ ሰላምታ

**ዳኒ ደ ክረሰር**

*ግዝያዊ ዋና ኣካያዲ ስራሕ፡ ኣባይቲ ቪክቶርያ*




ናብ ካልእ ቦታ ናይ ምግዓዝ ኣማራጺታት፤ (ጸጋም) ኣብ ጎደና ኣቦትስፎርድ፡ ሰሜን መልበርን ኣብ ዝህነጹ ዘለዉ ሓደስቲ ህንጻታት፡ ዘመናዊ ማሕበራዊ ኣባይቲ ከቕርቡ እዮም። (የማን) ብዙሓት ሰባት ድሮ ናብቲ ሓደስቲ ኣባይቲ ጎደና ቪክቶርያ ይግዕዙ ኣለዉ። እዞም ገዛውቲ እዚኣቶም ክፋል ናይቲ ናብ ካልእ ቦታ ናይ ምግዓዝ ኣማራጺታትኩም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።